ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን እንዳባጉና ኣብ 2012ዓ/ም በጀት ዓመት ንዝተፈላየ ኣቁሑት ግልጋሎት ዝዉዕሉ መሳርሒ ፅሕፈት ፣ መሳርሒ ህንፃ ፣ ኣቁሑት ብረታ ብረት፣ ኣቁሑ ኤሌክተሪክ፣አቁሑ ፅሬት፣ ኣቁሑ ሳኒቴሪ ኢንስታሌሽን፣ ክራይ ኣጎልግሎት ሰርቪስ መካይን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ፤

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጳጉሜን 1, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 9, 2012 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 9, 2012 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ መኪና ክራይ/ ትራንስፖርት ግልጋሎት/ ዕድጊት ኽቢደ መሺን/ ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/ ሰራሕቲ ሓፂነ መፂን/

1 ናይዚ ዘበን ግበሪ ከፊሉ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ

2 ኣብ መቅረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገበን ናይዚ ዘበን ዘሐደሰ መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግበሪ ዘለዎ

3 ኣብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገበ ናይ ወርሒ ሓምለ 2011 ዓ/ም ሒሳብ ዘወራረድሉ መረዳእታ ከቅርበ ዝክእል

4 ንክራይ ኣጎልግሎት መኪና ድማ ሊብሬ ፣ ከፋላይ ግበሪ ፣ ኢንሽራንስ ዝኣተወት ከተቅርቡ ትክእሉ

4 ዝተማለአ ሰነድ ጨረታ ዋና ናይ ተደለይቲ ረቆሒ ቅዳሕን ብፖስታ ዓሺጉ ከቅርብ ዝክእል፤

5 ኣብ እዋን ምክፋት ጨረታ ድማ ኩሉም ዋና ሰነዳት ሒዝኩም ብምምፃእ ክተርእዩ እትክእሉ፤

6 ኣብ እትመልእዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ዘይምግባር ኣብዘይ ዘፈርኩም ዘይምውድዳር፤

7 ብዝተነፀረ ስፔስፊኬሽን ማለት እዉን መዓቀኒ ዝርዝር ረቆሒ ፅሪየቱ መሰረት ክተቅርቡ እትክእሉ፤

8 ዋና ማለት እዉን ኦርጅናል ዝብል መግለፂ ኣብ ዝተዉሃቦም ኣቅሑት እቲ ኮሌጅ ፅርቶም ዝኣመነሎም ኣቅሑት ጥራሕ ክተቅርቡ እትክእሉ፤

9 ተጫረቲ ቅድም ጨረታ ምክፋቱ መከበሪ ጨረታ መሳርሒ ህንፃ ፣ ኣቁሑት ብረታ ብረት ፣ኣቁሑ ሳኒቴሪ ኢንስታሌሽን፣ ንነብስወከፍ 5000.00 ቅርሺ መሳርሒ ፅሕፈት ፣አቁሑ ፅሬት፣ ኣቁሑ ኤሌክትሪክ፡ ፣ክራይ ኣጎልግሎት ሰርቪስ መካይን 3000.00 ቅርሺ ብስፒኦ ወይ ብቅርሺ ክተትሕዙ አለኩም፤

10 ተጫረቲ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚርኩም ንነብስወከፍ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ 50.00 ቅርሺ እናከፈልኩም ኩሉ ግዘ ኣብ ስራሕ መዓልቲ ካብ ካሌጅ ቴክኒክን ሞያን እንዳባ ጉና ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ብምዉሳድ ንነበስወከፍ ዋጋ ዝርዝር ብምምላእ ናብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን እናዳባጉና ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ አታዊ ክትገብሩ ትክእሉ፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ጨረታ ክፍቲ ኮይኑ ዝፀንሐሉ ካብ 1/13/2011 ዓ/ም ክሳብ 09/01/ 2012 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ሰዓት ኮይኑ እቲ ጨረታ 09/01/2012 ዓም ሰዓት 4:00 ተዓፀዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን እናዳባጉና ብግልፂ ይክፈት፤

12 ዋጋ ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዘ ንተከታተልቲ 45 መዓልቲ ኮይኑ መቅረባይ ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዝተዉሃበሉ ማዕልታት ፅርየት ዘለዎም ንብረት ናብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን እናዳባጉና ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ወፃኢ ኣጎዓዒዙ አታዊ ክገብር ዝክእል

13 ኣብዚ ጨረታ ዝሰዓረ ተጫራታይ መከበሪ ዉዕሊ 10 ሚእታዊ ዘትሕዝን ተጫረቲ እትመልእዎ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝሐወሰ ክከዉን አለዎ

14 እቲ ትካል ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

15 እቲ ኮሌጅ እንተኣሚንሉ ካብ ነብስ ወከፍ ኣቅሓ 20 ሚእታዊ ክዉስክ ወይ ክንኪ ይክእል እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0914-29 62 34 / 0914-781076/ ደዊልካ ምሕታት ይከኣል፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle